**ስምምዕ ልቓሕ ላፕቶፕ ፔሰ/ታብለት ንምልቃሕ እተገብረ ውዕል: ከምኡውን ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን: ልቓሕ**

**ኣብ መንጎ ዘባ ቴለማርክን**

**ዘባ ቬስትፎልድ**

(ቁጽሪ ትካል 929 882 385)

ከምኡውን ተማሃራይን

{ስም ተማሃራይ} - {ዕለት ልደት ተማሃራይ}

# 1. ሓፈሻዊ

### 1.1. ክልቲኦም ወገናት

እቲ ስምምዕ ኣብ መንጎ ዘባ ቬስትፎልድ(ዘባዊ ምምሕዳር )ተማሃራይን ንልቃሕ ኮምፒዩተር ላፕቶብ/ታብሌትን ከምኡውን ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፥ ዝተገብረ ውዕል ኢዩ።

እቲ ተመሃራይ ትሕቲ ዕድመ እንተድኣ ኾይኑ፡ እቲ ውዕል ምስ ኣለይቱ።ስድርኡ ይካየድ፡ ማለት ናይቲ ኮምፕተር ተለቃሕቲ ሓላፍነት ኣለዎም።

ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎ ነቲ ናይ ተማሃራይ ላፕቶፕ/ታብለት(ኮምፕተር ተባሂሉ ዝጽዋዕ):ከምኡውን ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፥ ንምጥቃምን ብግቡእ ምሓዝን፡ ዝሕግዝ ናይ ዘባዊ ምምሕዳር መምርሒታትን ከም እተቐበልኩ ብፈርማይ የረጋግጽ ኣለኹ።

ኣብ መንጎ ዘባዊ ምምሕዳርን ተማሃራይን ዘሎ ክራይ፡ ብውዕላት ናይዚ ስምምዕ ይምራሕ።

እዚ ስምምዕ´ዚ ኣብዚ በኤልክትርኒካዊ መንገዲ ማለት ብኢንተርነት ኣብዚ ጠዋቅካ ፈርም። https://elevkontrakter.telemarkfylke.no

### 1.2. መሰል ዋንነት/መሰል ኣጠቓቕማ

እቲ በዚ ውዕል እዚ እተሸፈነ መሳርሒታት/መምሃሪ ንብረት ናይቲ ዘባዊ ምምሕዳር ዋንነት እዩ። እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፕተር ኽሳዕ ዚዕደግን ብሕታዊ ዋኒን ክሳዕ ዚግብራን ጥራይ እዩ ናይ ምጥቃም መሰል ዚረክብ።

# 2. ልቓሕ ኮምፕዩተር ላፕቶፕ

### 2.1. እቲ ውዕል ዝሸፍኖ ናይ ኮምፕዩተር መሳርሒታትን ሶፍትዌርን

እዚ መደብ እዚ ላፕቶፕ/ማክቡክ ዚብሃል ኮምፕዩተር ፡ ምስ ናይ ባትሪ መምልኢ ቻርጀር ፡ ከምኡውን ካልእ ተወሳኺ መሳርሒታትን ዜጠቓልል እዩ ።እታ ኮምፕዩተር እንተድኣ ተበላሽያ ወይ ጠፊኣ፡ እቲ ውዕል ናይ ልቓሕ ኮምፕዩተር ከምዘለዎ እዩ።
እዚ ዝስዕብ ናይ ሶፍትዌር ጉጅለታት ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ኣሰራርሓ ፕሮግራም ኮምፕዩተር ክጽዓን ይከኣል:

- መመልከቲ ደገፍ ቤት ጽሕፈት (Office365)
- ናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራም ጸረ-ቫይረስ
- እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ስልጠና ዚጥቀመሉ ኻልእ ሶፍትዌር እውን ኣሎ።

### 2.2. ኣጠቓቕማ መሳርሒታት

**እቲ ተማሃራይ ከምዚ ኣብ ታሕቲ ዝስዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ፡**

- እቲ መሳርሒታት ከይበላሾን ከይስረቕን ብግቡእ ከትሕዞ ኣለካ። (ንኣብነት ኣብ እተሸጐረ ኸብሒ ቦርሳ ተቀምጠሉ ኣርማድዮ ይኽዘን፡ እታ ኮምፕተር ኣብ ቦርሳ ኣእቲኻ ትጎዓዝ። ዝናብ ክዘንብ ከሎ ከይበላሽዎ፡ ናይ ዝናብ መሸፈኒ ገርካ ትሸፍኖ ክትጐዓዝ ከሎኻ ድማ ቦርሳ ትውሰድ)።
- ኮምፕዩተርካ ንኻልኦት ኣይተለቅሕ ወይ ንበይና ገድፍካያ ኣይትኺድ።
- ጉዳኢ/ዘይሕጋዊ ወይ ካልእ ሶፍትዌር ኣብ ኮምፕይተር ከተውርድ ወይ ክትጽዕን የብልካን።
- ብዘይ ፍሉይ ፍቓድ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ድሮ ኣብ ኮምፕዩተራት እተገጥመ ሶፍትዌር ኣይተቀይሮ/ኣይትቐድሓዮ
- ስሩዕ ደገፍ ናይ ምኽዛን ውሕስነት ከም ዚህሉ ኣረጋግጽ።
- ምልክት (ዓይነት ስም፥ ቍጽሪ ፍርያምነት ወዘተ) ካብታ ኮምፕይተር ኣይተልግሶ።

- ነታ ኮምፕተዩር ዝኾነ ዓይነት ምልክት ይኹን ወይ ዝጠብቅ ጽሑፍ ዘለዎ ኣይትግበር።

ኣብ ኮምፒዩተራት ቫይረስ/ዘበላሹፕሮግራም ከም ዘሎ እንተ ተጠራጢሩ፡ እቲ ተማሃራይ እንደገና ኮምፒዩተሩ ከም ብሓዲሽ ንምጽራይን ሶፍትወር ምትካልን ምስ ክኢላታት ኮምፒዩተር ኢተ ዝበሃሉ ክራኽብ ኣለዎ። ዘይልሙድ ኣጠቓቕማ ኮምፒዩተራት እንተ ተጠራጢሩ ወይ እንተ ተረኺቡ እቲ ኮምፒዩተራት ንኺምርመር ኪቐርብ ኣለዎ ። እቲ ተመሃራይ መጺኡ እንተዘይ ኣረኪብዎ ነታ ኮምፒዩተር፡ እቲ ተጠቃሚ ተማሃራይ ንኸይጥቀመላ እታ ኮምፒይተር ትዕጾ።

ዘባዊ ምምሕዳር ኣብ እዋን ፈተና ማለት መርመራ ጥራይ ኣብ ናይ ተማሃሮ ኮምፒይተራት ኢንተርነት ኔትወርክን ኣፕሊኬሽናትን ንምክትታል ወይ ንምቁጽጻር ሶፍትዌር ክጥቀም መሰል ኣለዎ። እቲ ዕላማ ምቅዳሕ ኣብ እዋን ፈተና ንምክልኻልን ኣብተን ናይ ተምሃሮ ኮምፒይተራት ብዛዕባ ዘይተፈቕደ ሶፍትዌር ንምሕባርን እዩ። እዚ መሰል ምክትታል ወይ ምቁጽጻር ኣብ ናይ ፈተና ግዜ ጥራይ ዝተሓጽረ ኮይኑ ፡ ካብዚ ወጻኢ ኣይምልከትን ኢዩ።

ተማሃሮ ናይ ኮምፒዩተራት ምምሕዳራዊ መሰል ኣይረኽቡን ኢዮም።

እዚ ኣጠቓቕማ እዚ በቲ ዘባዊ ምምሕዳር ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘውጽእዎ ሕግታት ኢዩ ዝመሓደር።

## 2.3. ምጥፋእን ብልሽትን

ኵሉ ናይ መሳርሒ ትምህርቲ ምብልሻውን ምጥፋእን ምስዘጋጥም ፡ እንተ ወሓደ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ ብቕልጡፍ ንቤት ትምህርቲ ክትሕብር ኣለካ ።

እቲ ተመሃራይ ነቲ ዝወረደ ጉድኣት ባዕሉ ኼዐርዮ ኺፍትን የብሉን፡ ማለት ነቲ ወሪዱ ዘሎ ብልሽት ባዕሎም ቤት ትምህርቲ ክዕርይዎ ክሕብሮም ጥራይ ኢዩ ዘለዎ። እቶም ተቐባልነት ዘለዎም በዓል ሞያ ዘይኰኑስ፡ ብኻልኦት ጉጅለታት ዚገበርዎ ጽገና፡ ተቀባልነት የብሉን ካልእ ተወሳኺ ጉድኣት ኬስዕብ ይኽእል እዩ።

ጉድኣት ማለት ብልሽት ናይ ኮምፒይተር እንተድኣ ኣጋጢሙ ድማ ነቲ ተማሃርያ ዝግብኦ ክፍሊት ክኽፈል ኣለዎ። እቲ ዝቑረጽ ገንዘብ ከከም መጠን እቲ ብልሽት ክፈላለ እዩ።

ብወገን ተምሃራይ ብሰንኪ ብግቡእ ዘይምሓዝን/ ሸለልትነት ምርኣይን ነቲ ዝመጽእ ክሳራ ወይ ዕንወት ምሉእ ብምሉእ ናብ ስድራ ተማሃራይ/ተማሃራይ ነቲ ክሳራ ይኽፈል። እታ ኮምፒይተር ብሰንኪ ሸለልትነትን ዘይምግዳስን እንተድኣ ጠፊኣ ወይ ተበላሺያ ፡ ወለዲ ናይቲ ተማሃራይ/ተማሃራይ ነቲ ጽገና ክሽፍኖ ወይ ብመሰረት ዞብዊ ምምሕዳር ዝምልከት ህሉው መምርሒታት ተረፍ ዋጋ ናይታ ኮምፒይተር ክኽፍል ኣለዎ።

ንኣብነት ሽለልትነት ክንብል ከለና እዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል ኢዩ፡ (እቲ ዝርዝር ምሉእ ኣይኮነን)፤

- ብሰንኪ ሽለልትነት ዝኾነ ዝስተ ወይ ካልእ ፈሳሲ ኣብ ልዕሊ እታ ኮምፒይተር ክፈስስ ይኽእል
- ኣብ ዘይውሑስ ቦታታት ወዘተ ኮምፒዩተር ዘይምቕማጥ።(ንኣብነት ኣብ ጥቓ ሑጻ ፡ሓመድ ፡ማይ፡ ናይ መላገቢ ማለት መልሓሚ መሰርሒታት ወይ ጋራጅ ኹነ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ክጐድእ ዝኽእል ማሽናት)።
- እቲ ተማሃራይ ነታ ኮምፒዩተር ኣብ ዝኾነ ቦታ ሓዲግዋ ምስ ዝኸይድ ወይ ንመማህርቱ ረኣዩለይ ከይበለ ገድፍዋ እንተኸይዱ
- ኣብ እዋን መጓዓዝያ  ነታ ኮምፒይተር ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ምስ ዝተሓዝ።
- ባዕልኻ ወይ ኻልኦት ብሰንኪ ሽለልትነት ኣብ ልዕሊ ኮምፒዩተርካ ኮፍ ምስ ዝብሉ፡ ኣብ ኮምፒዩተር ዝወረደ ጉድኣት ኣሎ።
- ንኣብነት ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ባይታ ወይ ኣብ ጫፍ ሕንጻጽ ወይ ኣብ ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ኮምፒዩተር ምቅማጥ ክበላሾ ስለዝኽእል፡ ተቐባልነት የብሉን።

**2.5. ስርቂ**

ናይ ተማሃራይ ኮምፒይተር እንተድኣ ተሰሪቃ፡ እቲ ተማሃራይ ብቁልጡፍ ንፖሊስ ክሕብር ኣለዎ። ነቲ ቤት ትምህርቲ ድማ  ቅዳሕ ናይ ስርቂ ጸብጻብ ንፖሊስ ከምዝሓበረ ዝግልጽ  ወረቀት ክረክብ ኣለዎ።

ካብ ናይ ብሕቲ ወይ ህዝባዊ ቦታታት፡ ከም ኡውን  ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ኮምፒይተር ኣብ ዝስረቐሉ እዋን፡ እቲ ተማሃራይ ወይ ወለዲ ናይቲ ተማሃራይ  ነቲ ክሳራ ናይ ምሽፋን ሓላፍነት ኣለዎም፡ ምናልባት ናይ ገዛእ ርእሶም ኢንሹራንስ ማለት ድሕንነት ብምጥቃም ክሽፍንዎ ይኽእሉ።  ናይ ስርቂ ኢንሹራንስ ማለት ድሕንነት ክህልወካ  ንመክር።

# 3. ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን ምልቓሕ

እዚ ስምምዕ እዚ ንሙሉእ ናይ ትምህርቲ ግዜ ወይ ንሓደ ዓመት ናይ ትምህርቲ  እዋን ንነጻ ናይ ምምሃር ንብረት፣ መጻሕፍትን ካልእ ንዋትን ዝምልከት እዩ።

ኩሉ እቲ ተማሃራይ ዝተለቕሖ ንብረት: ንብረት ናይቲ ቤት ትምህርቲ እዩ።

ትምህርቲ ምስ ወዳእካ:ስልጠና ምስ ወዳእካ ወይ ትምህርቲ ምስ ኣቋረጽካ ኩሉ እቲ ትምሃረሉ ንብረት ንትምህርቲ ኺምለስ ከም ዘለዎ ኣይትረስዕ ። ኣብቲ ቆጸራኻ ነቲ ዝተለቃሕካዮ ንብረት

እንተዘይመሊሳካዮ፡ናይ ትምህርቲ ናውቲ ኸም እተዓደገ ጌርካ እዩ ዚሕሰብ፡ መኽፈሊ ወረቐት ከኣ ናብቲ ተመሃራይ/ስድራ ይለኣኽ። በቲ ናይ ሓቂ ዋጋ ኺዕደግ እዩ።

ካልኦት መጻሕፍትን ንብረትን ኣብ ምሉእ ናይ ትምህርቲ ዓመት ብቐጻሊ ምስቲ ዝተሰማምዑሉ ኩነታትን ልማዳትን ተሰማሚያም ይቐርቡ።

### 3.1 ኣጠቓቕማ እቲ ካብ ቤተ መጻሕፍቲ ቤት ትምህርቲ ዝተለቅሐ መሳርሒታት፥

ኵሉ ልቓሕ ንብረት ዝወሰደ ተማሃራይ፡ ኣብቲ ቤተ-መጻሕፍቲ ዘሎ መዝገብ ብስም ተማሃራይ ክምዝገብ ኢዩ።

እቲ ተመሃራይ ከምዚ ዝስዕብ ክገብር ግዴታ ኣለዎ:

- ትምህርቲ ዚሃቦ መሳርሒታት ከይበላሾ ወይ ጒድኣት ምእንቲ ኸይቃልዕ ብግቡእ ክትሕዞ ኣለካ።
- ምልክት ዘይምጥቃም፡ ወይ ኣብ እተለቅሐ መጻሕፍቲ መዘኻኸሪታት ዘይምጽሓፍ።
- እቲ ኮድ/ጽሑፍ ኣብ ኮምፒዩተር ዘሎ ምልክት ገጻት ምእንቲ ኸይጠፍእ ወይ ብማይ ምእንቲ ኸይበላሾ፡ ከይረስሕ ምእንቲ ወይ ከኣ ካብ ንቡር ንላዕሊ ምእንቲ ከይበላሾን ኸይቅደድን ብሓላፍነት ምሓዝ።

### 3.2 ምጥፋእን ብልሽትን

እቲ ተመሃራይ ናይ ምምሃር መሳርሒታት እንተ ኣጥፊኡ፡ ጒድኣት እንተ ወሪድዎ ወይ እንተ ዓንዩ ምሉእ ብምሉእ እቲ ተማሃራይ ወይ ወለዲ/ኣለይቲ ናይቲ ተምሃራይ ክኽሕሱ ማለት ከኽፍሉ ምሉእ ሓላፍነት ኣለዎም።እቲ ናይ ምምሃር መሳርሒታት ድሕሪ እቲ ናይ መወዳእታ ዕለት ምርካብ እቲ ተማሃራይ እንተድኣ ኣረኪቡ: ናይ ካሕሳ ጠለባት ኣይቀርብን እዩ። ኣብ ፍሉይ መዳያት ካሕሳ ንምርካብ ዝቐረበ ሕቶታት ክግደፈሉ ይኽእል ኢዩ።

# 4. ክታም

## ስምምዕ ልቓሕ ላፕቶፕ/ታብሌት፣ ከምኡውን ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ፣ መጻሕፍትን ካልእ መምሃሪ ንብረትን፥

ንትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ኸም ዘንበብክዎን ከምዝተረደኣንን የረጋግጽ ኣለኹ። ብምፍራመይ ነቲ ናይ ተማሃራይ ኮምፕዩተር ብግቡእ ከም ዝጥቀመሉን ከምዝሕዘን ከምኡውን ነቲ እተለቅሕክዎ ናይ ትምህርቲ መሳርሒታት ንምጥቃምን ንምስራሕን ዝሕግዝ መምርሒታትን ሕግን ናይቲ ዘባዊ ምምሕዳር እቕበሎ ኣለኹ።

ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድካዮ ብናጻ ንምምሃር ዚሕግዝ መሳርሒታት ኣብ ዝተባህለካ እዋን እንተ ድኣ ዘይመልስካዮ ወይ ከምቲ ኣብቲ ውዕል ዘሎ ብስንኪ ሸለልትነት ምርኣይካ ብግቡእ ብዘይምቕራቡ፡ እቲ ተመሃራይ ዝኽፈል ወረቐት ኪቕበል እዩ።
እቲ ተመሃራይ እንተ ዘይከፈለ ብዛዕባ ምእካብ ዕዳ ብጽሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ። ዘባዊ ምምሕዳር ነቲ ክፍሊት ናይ ምእካብ ዕዳ ናብ ካልእ ዝምልከቶ ኣካል ኼመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

ነቶም ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኦም ተማሃሮ እቲ ኸም ተኻራዪ መጠን ክታሙ ዘንበረ ወላዲ፡ ዝኽፈል ዘበለ ንዚቐርብ ዝኹነ ይኹን ሕቶ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ናይቲ ተማሃራይ እዩ።
ሓፈሻዊ ሕግታት ካሕሳ ኖርወይ ኣብ ኣጠቓቕማን መስርሕን ኮምፒይተር ይምልከት። ምስ ዝጠፍእ፡ ወይ ዝስርቅ ወይ ዝበላሸ፡ ክልቲኡ ብሰንኪ ዘይምግዳስ ወይ ሸለልትነት፡ ንካሕሳ ማለት ክተክፍል ከምዘለካ ምሉእ ብምሉእ ተሓታቲ ኢኻ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ምስ ዝጠፍእ፡ ወይ ዝስርቅ ወይ ዝበላሸ። ንጽገና ወይ ንመተካእታ ኮምፒይተር እቲ ንስኻ ክትከፍሎ ዝግብኣካ ብጽሒት ክትከፍል ኣለካ።

ጥዕናን፡ ጥዕና ስኒን

ምምሕዳር ዘባ ጃቨስትፎልድ
ቦታን ዕለትን፡- ከተማ ቶንስበርግ ነሓሰ 2024

ሊቭ ማሪት ሃንሰን
ዳይሬክተር
ትምህርትን ጥዕና ስኒን

**ተመሃራይን መጕዚትን/ወላዲ**

| **ቦታን ዕለትን** | **ትሕቲ 18ዓመት ዝዕድሚኡ እንተኾይኑ ሓላፍነት ዘለዎ ወላዲ ይፍርም** |
|---|---|
| ስም ተማሃራይ (ብዓብዪ ፊደላት ጽሓፎ) | ስም ወላዲ (ብዓብይ ፍደላት ጽሓፎ) |
| ክታም ተማሃራይ | ክታም ወላዲ |